# “ቆልዓ ብንእሱ ቆርበት ብርሑሱ”

ቀዳሞት ወለድና ከም'ዚ ናይ ሎሚ ቅርጹ ተነጺሩ ዝተወደበን ዝተራቐቐን ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ከም ዘይነበርም፡ ዘመናዊ ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ ብመን፡ መዓስን ብከመይን ከም ዝተጀመረ ዘዘንትው ማህደራት ታሪኽ ዘረጋግጽዎ ሓቂ'ዩ። እንተኾነ ወለድና ዘመናዊ ትምህርቲ ኣይንበሮም 'ምበር፡ ህይወቶም ከመይ ክመርሑ ከምዘለዎም፣ ታሪኾም ባህሎም ከመይ ክዕቅቡ ከም ዝግባእ፣ መንእሰያት ዘተኣማምኑ ተረከብቲ ሕድሪ መታን ክኾኑ ካብ ህጻንነቶም እንታይ ክመሃሩን ክምከሩን ከም ዘለዎም፣ ኣብ ሕድሕዶም ከመይ ክተሓጋገዙ ከም ዝግባእ፣ መሬትን ተጠቃምነቱን ኣብ ገለ ከባቢታት ከመይ ሓባራዊ ሃብቲ ኮይኑ ክመሓደር ከምዘለዎን ካብ'ዚ ዘመናዊ ወይ ስነ-ፍልጠታዊ ተባሂሉ ዝግለጽ ናይ ሎሚ ሕግን ሜላ ምሕደራን ብፍላይ ኣብ ገለ ሸነኻቱ ዝበልጽ 'ምበር ዝንእስ ኣይኮነን። “ቆልዓ ብንእሱ ቆርበት ብርሑሱ” ዝብል ምስላ እንተወሲድና'ኳ ክሳብ ክንደይ ሰፊሕን ኣርሒቑ ዝጥምትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ብልሒ ከም ዝነበርም'ዩ ዘረደኣና።

መልእኽቲ ናይ'ዚ ያታዊ ምስላ፡ ዝኾነ ዓይነት ብውልቀ ሰብ ደረጃ ይኹን ብሓባር ዝጅመር ስራሕ ካብ መጀመርያ ከም ሓሳብ ክውጠን እንከሎ ዝኣክል ግዜ ወሲድካ ሓሲብካ ናብ'ቲ ትደልዮ ስራሕ ቅርበት ዘለዎም ለባማት ኣማኺርካ፡ ብመጽናዕቲ ብምሉእ ኣፍልጦን ናይ ትግባረ መደባት ሀ ኢሉ ክብገስ ከም ዘለዎ'ዩ ዝምህር። ዝኣክል መጽናዕትን ምድላውን ከይተገብረሉ ብድሌት ጥራሕ ተደፋፊእካ ትኣትዎ ስራሕ ድማ፡ ከይዱ ከይዱ ኣሉታዊ ውጽኢት ከም ዘምጽእ ኣመት ዝህብ ምስላ'ዩ። ካብ መሰረቱ ስለዝቐይነነ፡ ኣብ ላዕሊ በጺሑ ምስ ሰወደ፡ ካብ ድቃስካ ተበራቢርካ ማለት ለቢምካ ከተዕርዮ እንተፈቲንካ ኸኣ ብዙሕ ድኻምን ወጻእን ዝሓትት ከም'ቲ እትደልዮ ድማ ክኸውን ከምዘይኽእል'ዩ ዝሕብር። ነዚ'ውን “ከይኮነ ለብም ከይተሰብረ ጸግን” ብዝብል ብካልእ ምስላ የህብትሞ'ዩ።

ሎሚ ብሰንኪ ጉጅለ ህግደፍ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ምስልና ቅጥዒ ስኢኑ ተበላሽ'ዩ ኣሎ። ብኡ መጠን ማሕበራዊ ህይወት ህዝብታት ኤርትራ ተዘሪጉ ኣሎ። ከም'ቲ “ዘራጊት ማይ ዘላተን ኣሓ ጽሩይ ማይ ነይሰትያ” ዝበሃል ምስላ፡ እቲ ዝተዘርገ ፖለቲካ ክጸሪ እንተደኣ ኮይኑ፡ እቲ ዛራጊ ወይ ጠንቂ ክእለ ኣለዎ። ከመይ ከም ዝእለ ከኣ እቶም ኣብ ህላወኡ ረብሓ ዘይብሎም ናይ ግድን ክወገድ ኣለዎ ኢሎም ዝሪኡ ወገናት፡ ኣብ ልዕሊኡ እኹል ዝኾነ ሓባራዊ ፖለቲካዊ ገምጋም ክገብሩን ኣብ ሓደ ወይ ዝተቐራረበ መደምደምታ ክበጽሑን ይህልዎም። ንሱ ዘብጸሓሎም ዘሎ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ ድዩ ማሕበራውን ባህላውን ወጽዓን ንሱ ምስተወገደ ኣብ ኤርትራ ክኸውን ዝምነይዎ ስርዓተ ምሕደራን እንታይን ከመይን ክመስልን ክውደብን ከም ዘለዎ፡ ነየናይ ኣረኣእያ ከም ዝሓቁፍ ነየናይ ከኣ ከም ዝሃርም ብብሩህ ኣቐሚጡ ክብገስ ኣለዎ። ስለምንታይ? በረኣእያ ምስ ህግደፍ ዝዳናጋጽን መሊኡ በቲ'ኹ ደምበኡ ዝፈለየን ሓቢሮም ክሰርሑን ኣብ ሓባራዊ ዓወት ክበጽሑን ኣይክእሉን። ናይ መሰል ሕቶ ንዘልዕሉ ወገናት ብትሕቲ ሃገርነት ዝኸስስ ትምክሕታዊ ኣረኣእያን፡ ሕቶ መሰል ሕቶ ደሞክራሲ ካብ ዝኾነ ኩርናዕ ይምጻእ ክስማዕ ክኸበር ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ድማ ክመሓደር ኣለዎ ዝብል ህዝባውን ደሞክራስያውን ኣረኣእያን ካብ ኣካላዊ ሓድነት ዝሓልፍ ናይ እምነት ሓድነትን ውሁድ ስራዕን ክሰርሑ ኣይበቕዑን።

መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ'ውን ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ሕታማ፡ ነቲ ብገለ ወገናት ፕሮግራም'ዶ ውድብ'ዶ ዝበሃል ኣየድልየናን ኩሉ ነገር ገዲፍና ኣንጻር'ዚ ሃገር ዘፍርስ ህዝቢ ዝበታትን ዘሎ ጉጅለ ኣብ ሓንቲ መርከብ ንሳፈር ክብሉ ከካይድዎ ንዝጸንሑ ዘይካይድዎ ዘለውን ብቑጠዐን ግዝያዊ ስምዒትን ዝተደፍአ ጎስጓሳት፡ ሎሚ ነገራት እንተዘይ ጸፊሮም ጽባሕ ክዕረዩ ከም ዘይኽእሉ ገለ ቁም-ነገር ዘጨብጥ፡ “ጽባሕ ክኾነልና እንምነዮ ፖለቲካዊ ስርዓት መሰረቱ ናይ ሎሚ ኣረኣእያናን ተግባርናን ምኻኑ ኣይንዘንግዕ ብዝብል ኣርእስቲ መልሲ ሂብሉ ኣሎ። ኣንጻር ረብሓኡን ረብሓ ህዝቡ ተሰሊፉ ንጸላኢ ዘገልግል ዘሎ ብዝተፈላለየ ኣስማት ዝጽዋዕ ዕጡቕ ክፍልታት ከም ትካል ከይፈርስ ንዝማትቱ፡ ንልኡላውነት ኣዕቀኡ ከም ዘሎ ዝውድሱን ካብ ጉጅለ ህግደፍ ሓራ ከውጻኦም ዝኽእል እንኮ ንሱ ምኻኑ ዝተዛበዐ ፖለቲካዊ ርእይቶ ንዘለዎም ወገናት ድማ፡ ኣይፋል “ ንገዛእ ርእሱ ሓራ ዘይወጸ ሰራዊት፡ ንህዝቢ ሓራ ከውጽእ ትጽቢት ኣይግበርን” ብዝብል ኣርእስቲ ገለ ኢላ ኣላ። ከምኡ'ውን “ፖለቲካዊ ድሕረት ኣንጻር ኩለ-መዳያዊ ሰብኣዊ ክብረትን ቁጠባዊ ረብሓን” ምኻኑ ኣመት ዝህብ ኣርእስትን ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ናብ ዓምዲ ኣንበብቲ ካብ ዝተላእኹ ደብዳቤታትን ግጥምን ንሎሚ ይኹኑ ኢልና ዝሓረናዮም ደብዳቤታት ሒዛ ቀሪባ ኣላ። ሰናይ ንባብ!

ካብ ወግዓዊት ልሳን ደግሓኤ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ሕታም 20 ሰነ 2018 ዝተወሰደ

ፈነወ ረድዮ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 09-07-2018